# ራእይ ዮሃንስ

## 4ይ ትምህርቲ - ለ

1፥1-8 መእተዊ ናብ ራእይ ዮሃንስ፡ ጸጋን ሰላምን ምንጩን (1፥4-5)

ምንዮት ወይ ምርቓ ናይ ዮሃንስ ነቶም መልእኽቲ ዝልእከሎም ዘሎ ኣመንቲ፡ "ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን" ይብል። ምንጪ ናይ እዚ ጸጋን ሰላምን እዚ ድማ "ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን፡ ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለዉ ሾብዓተ መናፍስትን፡ ካብቲ እሙን ምስክርን፡ በዅሪ ምዉታትን ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ" እዩ። እምብኣርከስ፡ ትሕዝቶ ናይቲ ምርቓን ስሉስ ምንጩን ነቕልበሉ።

### 1. ትሕዝቶ እቲ ምርቓ፡ ጸጋን ሰላምን

ጸጋን ሰላምን፡ እቲ ዮሃንስ ነቶም ነቲ ቓል ዘንብብዎን ኣብ ህይወቶም ግቡእ ቦታኡ ንዝህብዎን ዝምነየሎም ዘሎ እዩ። እቲ ዝምነየሎም ዘሎ ሰላም ድማ መንቀሊኡ ኣብቲ ጸጋ እዩ እሞ፡ ኣቐዲምና ኣብ ጸጋ ነተኵር፡ ኣስዒብና ድማ ኣብቲ ሰላም።

ጸጋ እቲ መዘና ዘይብሉ፡ ዘይጸመናሉ ልግሲ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ እተዋህበና በረኸት እዩ። እንዛረበሉ ዘሎና ጸጋ 1ይ. ልግሲ ኣምላኽ 2ይ. መዘና ዘይብሉ 3ይ. ዘይጸመናሉ 4ይ. ብየሱስ ክርስቶስ እተበርከተልና ምዃኑ በብሓደ ነስተንትነሉ።

<u>1ይ. ልግሲ ኣምላኽ</u>፡ እቲ ንሱ ካብ ሰናይን ፈቃርን ፍቓዱ ኣንቂዱ ዝህበና ኩሉ ማእለያ ዘይብሉ በረኸታት የመልክት። ልግሲ ኣምላኽ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። እዚ ጸጋ እዚ እንታይ ምዃኑ ምዝርዛሩ እቲ ወንጌል ንባዕሉ እዩ። ሓደ ካብቲ ዋና ክፍሊ ናይዚ ጸጋ እዚ እቲ ዕርቂ ኣምላኽ ምስ ሰባት፡ እቲ ውልድነት ኣምላኽ ንኣመንቲ፡ እቲ ተስፋ ናይ ዘለኣለም ህይወት … ወዘተ እዩ። እምብኣር፡ ዮሃንስ ነዞም ኣመንቲ ጸጋ ክምነየሎም ከሎ፡ ልግሲ ሽሻይ ኣምላኽ ብተመክሮን ብኣእምሮን ክፈልጡዎ እዩ ሃረር ዚብል ዘሎ።

<u>2ይ. መዘና ዘይብሉ</u>፡ እቲ ጸጋ ኣምላኽ ከም ልግሲ ምስ ናይ ካልኦት ኩላቶም ለገስቲ እንተ ኣመዛዚንናዮ፡ ጸጋ ኣምላኽ ንኹሎም ተዓጻጺፉ ሓለፍ ይብሎም። ዘለኣለማዊ - ብጊዜ ዘይውዳእ፡ ሪቓዊ - እዚ ጕዲልዎ ዘይብሃል፡ ተበጃዊ - ሽሻይ ጥራይ ዘይኰነስ ገዛእ ርእሱ ዝህበካ፡ ስድራዊ - ደቂ ኣምላኽ (ስድራ ኣምላኽ) እንኾነሉ በረኸት እዩ። እቲ ጸጋ ኣምላኽ፡ ብኹሉ መዘና ዘይብሉ ውህበት እዩ።

<u>3ይ. ዘይጸመናሉ</u>፡ ጸጋ ኣምላኽ ጻማ ኣይኰነን። ሰሪሐሉ፡ ለፊዐሉ፡ ይግብኣኒ እዩ እትብለሉ ኣይኰነን። ብመሰረቱ ልግሲ ኣምላኽ እዩ።

እቲ ዝዓበየ፡ እቲ ኣኽሊል፡ እቲ ዛዛሚ ውህበት ኣምላኽ ንኣመንትን ንኹሉ ዓለምን ድማ የሱስ ክርስቶስ ንባዕሉ እዩ። ዮሃንስ ነዞም ኣመንቲ ዝምነየሎም ዘሎ ድማ ልዕሊ ኩሉ ንየሱስ ክርስቶስ ብተመክሮን ብኣእምሮን ክፈልጥዎ እዩ።

እቲ ዮሃንስ ዝምነየሎም ዘሎ በረኸታት፡ እተዛተናሉ ጸጋ ኣምላኽ፡ ካብ ዝሃብናዮ መተምባህታት ዝዓበየ እዩ። ጸጋ ኣምላኽ ኣርማ ናይ ወንጌል፡ ናይ ሓቂ መለዮ ናይ ክርስትያን ሃይማኖት እዩ። ተረግታ ልቢ ሃይማኖት ናይ ቡዲስት "ካርማ"፡ ማለት ዝዘራእካዮ ናይ ግድን ክትዓጽዶ ኢኻ ዚብል እዩ። ናይ ኣይሁድነት ድማ 'ኪዳን' እዩ (ውዕል ናይ ምትእምማን)። ናይ ምስልምና ድማ ሕጊ እዩ (ትእዛዝ ሓሉ)። ተረግታ ልቢ ናይ ወንጌል ክርስቶስ ግና ጸጋ እዩ። ክርስትያን ምዃን ድማ ጸጋ ኣምላኽ ብተመክሮን ብኣኣምሮን ዘስተማቐረ ምዃን እዩ። እዚ ድማ ከንቱ ዘረባ ናይ ድሓን ይህበና ኣይኰነን። ጻማይ እዩ ኢልካ ዘይትሕበነሉ፡ ናይ ልግሲ ውህበት ኣምላኽ ብተመክሮ እትፈልጦ እዩ።

<u>4ይ. ብየሱስ ክርስቶስ እተበርከተ</u>፡ ጸጋ ኣምላኽ ዝምንጩ ሰላም ድማ ተመንዩሎም። ከም ሰባት መጠን፡ ንሰላም ንምነያ ኢና። ኣብ ዕለታዊ ዘረባና እትዝውተር ቃል ድማ እያ። እንተ ኾነ`ውን፡ ከም ውልቀ-ሰባትን ሕብረተ-ሰብን ጕረባብትን ሃገራውያንን ሰላም ዝርሓቖም፡ ውግእን ባእስን ዝዓዘዞም ኳንና ንርከብ ኣሎና። ስለምንታይ? እቲ ሰባት ዝምነይዎ ሰላም፡ ናይ ጸጋ ሰራውርን መሰረትን ስለ ዘይብሉ እዩ። ዮሃንስ ንኣመንቲ ዝምነየሎም ሰላም ግና ጸጋ ዝምንጩን ዝመሰረቱን ሰላም እዩ። የሱስ ክርስቶስ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 14፥ 27 "ሰላም እሓድገልኩም፡ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹ፡ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኰነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰምብድን" ይብል። ናይ ብሓቂ ክርስትያን ጸጋ ዝምንጩ ሰላም ተመክሮኡ እዩ። ስለዚ ናይ ብሓቂ ሰላማዊ እዩ። ናይ ጸጋ ሰላማዊ ምዃን

ክርስቶሳዊ ምኻን ድኣ እምበር ሕመቕ ኣይኰነን።

## 2. ስሉስ ምንጪ ናይ ጸጋን ሰላምን

ካብዚ ቀጺልና እቲ ስሉስ ምንጪ በረኸት ናይቲ ናይ ሓቂ ክርስትያናት ድማ ንመልከቶ። ምንጩ ስላሴኣዊ እዩ - ኣብ፡ ወልድ፡ መንፈስ ቅዱስ። ብመን ትኣምን? ብስላሴ ዚብል ምርዳእ መሰረት እዩ። እምብኣር፡ ጸጋን ሰላምን ናይቲ ክርስትያን ምንጩ ስላሴኣዊ ስለ ዝኾነ ልዕሊ ዓቕሚ ሰብ እዩ። እትትኣማመነሉ ድማ እዩ። ማለት ከቶ ኣየግድዓካን እዩ።

ቀዳማይ፡ እቲ ምንጪ፡ "ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን" እዩ። እዚ መን እዩ? ሰለስተ ክፍሊ ናይ ጊዜ ተሓቢሩ ዘሎ ነሰተብህለሉ። *ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን* ብምባሉ ዘለኣለምነቱ የመልክክት ኣሎ ማለት እዩ። ብጊዜ ንድሕሪት እንተ ኣሰርና ወትሩ ንሱ ዝነበረ፡ ንቕድሚት እንተ ተጸቤና ወትሩ ንሱ ዚመጽእ፡ ሕጂ ድማ ኲሉ ሳዕ ዘሎ፡ ማለት፡ ዘለኣለማዊ እዩ። ዘለኣለምነት መለኮታዊ ባህርይን መለዮን ናይ ኣምላኽ ድኣ እምበር ናይ ፍጡር ኣይኰነን። እዚ መጸዋዕታ እዚ ሓበሬታ ናይ እግዚኣብሄር ኣብ (ኣቦ) ይህበና። ስለዚ ጸጋን ሰላምን ካብቲ ዘለኣለማዊ እግዚኣብሄር ዝምንጩ ይምነየሎም። ዮሃንስ፡ ነቶም ኣመንቲ ብጊዜ ምኽንያት ዘየባትኽ በረኸት።

እዚ ስም እዚ ትርጉም ናይ እቲ ብእብራይስጢ *የሆዋ* ዚብል ስም መጸውዒ ብምኳኑ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ስሙ ናይ እግዚኣብሄር "ኣብ" እዩ። እዚ ኸኣ ጸጋን ሰላምን ካብ የሆዋ ኢልና ከነንብቦ ንኽእል ኢና ማለት እዩ።

ካልኣይ ምንጪ፡ "ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለዉ ሾብዓተ መናፍስቲ" ዝምንጩ ጸጋን ሰላምን ይምነየሎም። እዚ መን እዩ? እቲ ቀዳማይ ኣካል ንእግዚኣብሄር ኣቦ ከም ዚምልከት ኣቐዲምና ተዛቲናሉ ኣሎና። ብዛዕባ እቲ ሳልሳይ ኣካል ድማ "እሙን ምስክርን በኹሪ ምዉታትን ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ የሱስ ክርስቶስ" እናበለ ኣዳዕዲዑ ይነግረና። ስለዚ እዚ ብሾብዓተ መናፍስቲ ተለልዩ ዘሎ ኣካል ናይ መንፈስ ቅዱስ መለለዪ ምኳኑ ኣመት ሂቡና ኣሎ። ኣብ 4፡5 "ሾብዓተ መብራህቲ ሓዊ፡ ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ" ዚብል መለለዪ ተደጊሙ ንረኽቦ።

ብትእምርታዊ ኣዘራርባ፡ ሾብዓተ ናይ ፍጻሜ፡ ናይ ጕደሎ ዘይብሉ ምልኣት ምልክት እዩ። ስለዚ ብዛዕባ ሾብዓተ መናፍስቲ ኪዛረብ ከሎ ብዛዕባ ዝስኣኖ ዘይብሉ ፍጹም ኣካል እዩ ዚሕብረልና ዘሎ ማለት እዩ። እቲ ንኣመንቲ ዝምነየልና ዘሎ ጸጋን ሰላምን ተመክሮና ዝኸውን በቲ ዝስኣኖ ዘይብሉ መንፈስ ቅዱስ ምኳኑ ይምህረና። ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ በቲ ምሉእ፡ ጕደሎ ዘይብሉ ምልኣት ናይ ኣገልግሎታቱ ድማ ይሕብር።

ሾብዓተ ተደጋጊሙ ዝርከብ ትእምርታዊ ቃል ናይ ራእዩ ዮሃንስ እዩ። ንሾብዓተ ማሕበራት እተጻሕፈ ሾብዓተ መልእኽትታት ኣሎና (1፡4-5)። ብዛዕባ ሾብዓተ ማሕተማት (16፣1)፡ ብዛዕባ ሾብዓተ መለኸታት(8፡1)፡ ብዛዕባ ሾብዓተ ጽዋኣት(16፣1)፡ ብዛዕባ ሾብዓተ መዓታት (15፣1)፡ ብዛዕባ ሾብዓተ ቀወምቲ ቀንዴላት(1፡12)፡ ብዛዕባ ሾብዓተ መንፈስ ኣምላኽ፡ ሾብዓተ ቀርንን ሾብዓተ ኣዒንትን ዘለዎ ገንሸል፡ ሾብዓተ ከዋኽብቲ፡ ሾብዓተ ባህርያት ኣምላኽ፡ ሾብዓተ ዝርእሱ ኣራዊት … ወዘተ ይዛረብ።

ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ከም ሾብዓተ መናፍስቲ ኪዛረብ ከሎ ከም ኣብ ቅድሚ ዝፋን ኣምላኽ ንኣገልግሎት ኪልኣኽ ተዳልዩ ዘሎ ገይሩ የርእየና። መንፈስ ቅዱስ ኣገልጋሊ ምድሓን፡ ኣገልጋሊ ማሕበሩ፡ ኣገልጋሊ ወንጌል ምኳኑ እዩ ዜመልክተልና ዘሎ። ዮሃንስ ብእኡ፡ ማለት ብመንፈስ ቅዱስ ገይሩ፡ ጸጋን ሰላምን ይምነየሎም ነቶም ኣመንቲ።

ሳልሳይ ምንጪ፡ እቲ ሃዋርያ ዮሃንስ ነቶም ኣመንቲ ዚምነየሎም ጸጋን ሰላምን፡ "ካብቲ እሙን ምስክርን በኹሪ ምዉታትን ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ" እዩ። (ግብ 4፡11-12 እብ 10፡19-20 ንመልከት)

ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ዘተኲረልና ሰለስተ ሓቅታት ነቕልበሉ። የሱስ ክርስቶስ "እሙን ምስክር" ምኳኑ የተኲረልና። ብዛዕባ መለኮታዊ ምስጢራት፡ ብዛዕባ ሰብን ኣምላኽ ንሰብ ዝሃቦ ጸጋን፡ … ብዝለዓለ ደረጃ ዝኸስተልናን ዘበርክተልናን የሱስ ክርስቶስ ምኳኑ ክንግንዘቦ "እሙን ምስክር" እዩ ይብለና። እቲ ተዋሂቡና ዘሎ ዝለዓለ ምኽሳት ናይ ኣምላኻዊ ምስጢራት ብየሱስ ክርስቶስ እዩ።

ካልኣይ መለዮ ናይ የሱስ ክርስቶስ "በኹሪ ምዉታት" ምኳኑ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ንሞት ብትንሳኤ ተዓዊቱሉ። በዚ ድማ ንኹላትና ኣመንቲ ተስፋ ትንሳኤ ኣበሲሩና። ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት፡ ዓወት ድማ ኣብ ልዕሊ ሞት እንጭብጥ ብተስፋ ትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ (1ይ ቈረ 15፡20)።

ሳልሳይ መለዮ ናይቲ ጸጋን ሰላምን ዘበስረና ዘሎ የሱስ ክርስቶስ፣ “ርእሲ ነገስታት ምድሪ” ምዃኑ እዩ። እዚ ዝፈለመ ግናኸ ጌና ብምልኣቱ ዘይተፈጸመ ዘሎ ትንቢት እዩ (እብ 2፥8 ንመልከት) የሱስ ክርስቶስ ብጽድቂ ዝነግሰሉ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ተኺሉ ዝቒመሉ ቈላሕታ ናይ ኩላቶም ኣመንቲ እዩ።

እምብኣርከስ ምንጪ ናይቲ ዮሃንስ ንኹሎም ኣመንቲ ዝምነየሎም ጸጋን ሰላምን ስላሴኣዊ እዩ። ኣብ፡ ወልድ፡ መንፈስ ቅዱስ ዝምንጩ ዘተኣማምን ምንጪ ድማ እዩ። ጸጋኡን ሰላሙን ብልቢ፡ ብተመክሮ ዘስተማቐርናዮን ኣብ ህይወትና ዝልለን ኣመንቲዶ ኢና?

ክቕጽል እዩ